
# ብኣሃዛዊ ኣገባብ ምኽፋል ጀምር



ቀሊል ናይ መምርሒ ጽሑፍ ናይ ኣንድሮይድ

Länsstyrelserna

# ስለምንታይ ናይስ መምርሒ ጽሑፍ?

ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሓት ሰባት ካብ ኣብ ውሽጢ እዚ ሕብረተ ሰብ ምንቅስቓስን ካልኦት ሰባት ምርካብን ተገሊሎም ኮፍ ኢሎም ስለ ዘለዉ፣ ካብ ዘመናውያን ተሌፎናትን (smarta mobiler) ኣይፓድን (surfplattor) ክትከፍል ናይ ምኽኣል ኣድላይነት ዛይዱ ኣሎ። ነቲ ልምዲ ዘይብሉን ምስኡ ኾይኑ ዝሕግዞ ሰብ ዘይብሉን፡ ነዚ ነገር ምጅማሩ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሽማግለ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ተስፋ ንገብር ሓጋዚ ክኸውን፡ ሓደ ቀሊል ንተንቀሳቓሲት ተለፎን ንኣይፓድታትን  ዝኸውን፣ ንኽሊቲኡ ንኣንድሮይድን ኣይፎንን ናይ መምርሒ ጽሑፍ ኣዳሊና ኣለና።

እዚ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ንኣዝማድን ሰራሕተኛታት ክንክንን ሓልዮትን እውን ሐገዝ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዚ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ንናይ ኣንድሮይድ ተንቀሳቓስቲ ተሌፎናት ብሓፈሻ መበገሲ ብምግባር እዩ ተዳልዩ። ንዝተፈላለያ ዓይነት ተንቀሳቓሲ ተሌፎናት ሓደ ዓይነት ኣገባብ ኮይኑ ግን ቁሩብ ዝተፈለየ ክመስል ይኽእል እዩ።

**ትሕዝቶ**


ስለምንታይ ናይስ መምርሒ ጽሑፍ? 2


1. ሓደ ጉግል-ኮንቶ (Google-konto) ዝብሃል ሕሳብ ክፈት 3

2. ናይ ባንክ ኣፕን ሞቢልት ባንክ ኢደን ኣውርድ 13

3. ንስዊሽ ኣውርድን ብእኡ ክፈልን 26

4. ናይ ድሕነት ሓበሬታ ካብ ፖሊስ 37

# 1. ሓደ ጉግል-ኮንቶ (Google-konto) ዝብሃል ሕሳብ ክፈት




ጉግል-ኮንቶ ነቶም ኣብ ተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ዘለዉ ከም ኢንተርኔትባንክ፡ ባንክኢደን ስዊሽን ዝኣመሰሉ ኣፓት (ምውፀላ) ብመገዲ ኣገልግሎት ጉግል ፕላይ ንኸተውርዶም የድሊ እዩ።


1. ዝርዝር ናይ ክወና (inställningar) ምእንቲ ክርኣ፡ ነጻብዕትኻ ካብ ላዕለውይ ጫፍ ናይ ስክሪን ንታሕቲ ስሓቦ።





2. ናብ ናይዛ ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ክወና ንዝወስደካ ኣብቲ “Inställningar” ዝብል ጽቐጥ።




3. ኣብቲ “Användare och konton” ዝብል ጽቐጥ።





4. ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ጽቐጥ፤ “Lägg till konto”.




5. ነቲ “Google” ዝብል ምረጽ።





6. ኣብዚ “ሕሳብ ክፈት” ዝብል ጠውቕ።



7. ስምካን ስም ኣቦኻን ጽሓፍ። ድሕሪኡ ኣብቲ “Nästa” ዝብል ጠውቕ።





8. ዕለት ልደትካን ጾታኻን ሃብ። ምስ ወዳእካ ኣብቲ “Nästa” ዝብል ጽቐጥ።




9. ነቲ ናትካ ጉግል-ኮንቶ (ናይ ጉግል ሕሳብ) ሓደ ኢ-መይል ኣድራሻ ኣዳልወሉ።





10. ሓደ ሓድሽ ቃል-ምስጢር ጽሓፍ። ትህዝቶ ናይ እንተ ወሓደ ናይ 8 ፊደላት ክህልዎ ኣለዎ።




11. ነቲ ጽሑፍ ኣንብቦ።




12. ኣብ ኽልቲኡ ሳጹናት ምልክት ጌርካ ነቲ ኩነት ውዕል ተቐበሎ። ኣብቲ "Skapa konto" ዝብል ጽቐጥ።




13. ንምቕጻል ኣብቲ “Bekräfta” ዝብል ጽቐጥ።





14. ኣብ ትሕቲ ናይቲ ቃል-ምስጢር ቦታ ብዙሓት ናይ ጉግል-ኣፓት ክርኣዩ እዮም።


እታ ቀዳመይቲ ምስሊ ናይ ጉግል ፕለይ ቡቲክ እያ።




15. ኣብቲ “Play Butik” ዝብል ጽቐጥ።




ስእሊ ናይ ጉግል ፕላይ ቡቲክ።



ዳሕራይ ግዜ ነቲ ናትካ ናይ ጉግል-ኮንቶ ክወና ክትርእዮ ወይ ክትቅይሮ እንተ ደሊኻ፤ ብመርበብ ሓበሬታ accounts.google.com ጌርካ ናብኡ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ።



# 2. ናይ ባንክ ኣፕን ሞቢልት ባንክ ኢደን ኣውርድ



**ክልተ ነገራት ከነልዕል ኢና**


A. ንባንክ ኣፕ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን 14

B. ንሞቢልት ባንክ ኢደ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን 21

# A. ንባንክ ኣፕ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን


ናይ ተንቀሳቓሽስቲ ባንክ ኣፕ (mobila bank-appar) ዝህባ ባንክታታ እዘን ዝስዕባ እየን፤

- ዳንስክ ባንክ
- ሃንደልስባንከን
- ኢካ ባንከን
- ሌንስፎሸክሪንጋር ባንክ
- ኖርድያ
- ኤስኤበ
- ስካንድያባንከን
- ስፓርባንከን ስይድ
- ስወድባንክ
- ኦላንድስባንከን


ናይዘን ባንክታት ኣፓት ኣብ ጉግል ፕለይ ቡቲክ ትረኽቦም።
ባንክ-ኣፕ ከተውርድ ከለኻ ከመይ ከም ትገብር ኣብ ቀጻሊ ገጽ ክንሕብር ኢና።

# ኣብ ተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ስጉሚ ብስጉሚ ከመይ ጌርካ ባንክ-ኣፕ ከም ተውርድን ቦታ ከም ተትሕዝን ኣብ ታሕቲ ክርአ እዩ


1. ኣብቲ "Play Butik" ዝብል
   ናይ ስሉስ ኩርናዕ ምስሊ ዘለዎ ጽቐጥ።




2. ናይ ባንክኻ ስም ጽሒፍካ ድለ።





3. ንኣብነት፤ ኣነ ኣብዚ መስመር ብምጽቃጥ ኖርደያ ሞቢልባንክ (mobilbank) ዝብል መሪጸ ኣለኹ።



4. ኣብቲ “Installera” ዝብል ጽቐጥ





5. ነቲ “Öppna” ዝብል ጽቐጥ።



6. እዚ ኣፕ ምስ ወረደ ስርዓት (konfigureras) ይሕዝ ኣሎ።




7. ብኤ-ኮድ (መንበቢ ካርድ) (e-kod (kortläsare) ወይ ውልቃዊ ኮድ (personlig kod) ምእታው ምረጽ።



8. ውልቃዊ ቍጽሪ መንነትካ (personnummer) ጽሓፎ። ኣብቲ "Logga in" ዝብል ጽቐጥ።





9. ንናይ ባንክ ካርድኻ ብምእታው ነታ መንበቢት ኣበግሳ። ድሕሪኡ ነቲ መምርሒ ተኸቲልካ ከም ትኣቱ (inloggad) ግበር።







10. ሕጂ ኣብቲ ናትካ ሞቢላ ባንክ ኣፕ ኣቲኻ ኣለካ።




# B. ንሞቢልት ባንክ ኢደ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን

ብተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ክትከፍል ንኽትክእል ሓደ ኣሃዛዊ መንነት (digital legitimation)፡ ኤ-መንነት (e-legitimation) ዝብሃል የድልየካ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ሰለስተ ቅቡላት ዝኾኑ ኤ-መንነት ኣሎዋ፤ ባንክኢደ ካብ ባንክታት፡ ኣበ ስቨንስካ ፓስ ከምኡ'ውን ፍረያ ኤኢደ+ ኣብ ምኽፋል እቲ ዝውቱር እቲ ብመገዲ ኢንተርኔት ካብ ባንክኻ ትእዝዞ ሞቢልት ባንክኢደ እየ።


ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢንተርኔት ናይ ባንክ ኣገልግሎት ንምርካብ ተኽእሎ እንተ ዘይብልካ ኾይኑ፡ ንምጅማሩ ናይ ግድን ናብ ባንክኻ ክትበጽሕ ኣለካ። ነዚ ምስ ገበርካ፡ እዚ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ።




1. ኣብቲ “Play Butik” ዝብል
   ናይ ስሉስ ኩርናዕ ምስሊ ዘለዎ ጽቐጥ።





2. ኣብቲ ናይ መድለዪ ሳጹን “Mobilt
   BankID” ኢልካ ጽሓፍ።



3. ኣብቲ መስመር ብምጽቃጥ ምረጽ።




4. ኣብቲ “Hämta” ዝብል ጽቐጥ፣
ድሕሪኡ ኣብቲ “Öppna”
ዝብል ጽቐጥ።



5. ኣብቲ ናትካ ኢንተርኔትባንክ ኣቲካ ንሞቢልት ባንክኢደ ኣዝዝ። ኣየናይ ባንክ ከም ዘለካ ተመርኲሱ፡ ኣብቲ ኢንተርኔት-ባንክ ቁሩብ ዝተፈላለየ ክመስል ይኽእል እዩ። ጸገም እንተ ኣጓኒፉካ፡ ምስ ባንክኻ ርክብ ግበር። ድሕሪኡ ኣብታ ናትካ ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ኣብቲ “Hämta BankID” ዝብል ጽቐጥ።





6. ውልቃዊ ቍጽሪ መንነትካን (personnummer) ነቲ ካብ ናትካ ኢንተርኔትባንክ ብመገዲ ኤስኤምኤስ ዝመጸካ መንጣጠፊ ኮድን ምልኣዮ።




7. እንተ ወሓደ 6 ኣሃዝ ዘለዎ ናይ መንነትካ መረጋገጺ ኮድ ምረጽ። ዳሕራይ ብናይ ባንክኢደ መንነትካ ንምርግጋጽ ነዚ ኮድ እዚ ኢኻ ክትጥቀም።




8. ነቲ ናትካ ኮድ ብምጽሓፍ ነቲ ሞቢልት ባንክኢደ ፈትኖ። ድሕሪኡ ኣብቲ “Legitimera” ዝብል ጽቐጥ።



# 3. ንስዊሽ ኣውርድን ብእኡ ክፈልን




**ነዚ ዝስዕብ ክነልዕል ኢና**


A. ስዊሽ ኣፕ ኣውርድ 27

B. ብስዊሽ ጌርካ ክፈል 29

C. ነቲ ክፍሊት ንኽፍጸም ኣፍቅድ 30


D. ብስዊሽ ክፈል - ተወሳኺ ብልሓት 31

E. ስዊሽ - ታሪኽ (Historik) 33


F. ክወና (Inställningar) - ፍቱዋት፡ እቶም ብስዊሽ ምኽፋል ተዘውትረሎም 34

# A. ስዊሽ ኣፕ ኣውርድ


1. ኣብቲ “Play Butik” ዝብል ናይ ስሉስ ኩርናዕ ምስሊ ዘለዎ ጽቐጥ።




2. ኣብቲ ናይ መድለዪ ሳጹን ስዊሽ ኢልካ ጽሓፍ፡ ኣብቲ ድለ ዝብል ጽቐጥ፡ ምስ ተቐልቀለ ብመሰረት እቲ መምርሒ ንስዊሽ ኣውርዶ።




3. ነቲ ስዊሽ ምስ ሓደ ቊጽሪ ናይ ተንቃሳቓሲት ተለፎን ክተተሓሕዞ ኣለካ። ንመጀመርታ ግዜ ነቲ ናይ ስዊሽ-ኣፕ ክትከፍቶ ከለኻ፡ ከመይ ከም ትገብር መምርሒ ክወሃበካ እዩ። እታ ናይ መጀመርታ ስጉሚ፡ ኣብ ናትካ ኢንተርኔትባንክ ምእታው እዩ። ኣየናይ ባንክ ከም ዘለካ ተመርኩሱ፡ ኣብቲ ኢንተርኔት-ባንክ ቁሩብ ዝተፈላለየ ክመስል ይኽእል እዩ። ጸገም እንተ ኣጓኒፉካ፡ ምስ ባንክኻ ርክብ ግበር።



# B. ብስዊሽ ጌርካ ክፈል

1. ነቲ ናይ ስዊሽ-ኣፕ ክፈቶ፡ ድሕሪኡ ኣብቲ “Swisha” ዝብል ጽቐጥ።





2. ናይ ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ቊጽሪ ጽሓፍ ወይ ነቲ ናይ ርክብ ዝርዝር (kontaktlista) ንቕድሚት ኣውጺእካ ካብኡ ንምሕራይ ኣብቲ ናይ ድምር ምልክት ጽቐጥ።

   መጠን ገንዘብ ምላእ።


   መልእኽቲ ጽሓፍ (እንተ ደሊኻ፡ ናይ ግድን ኣይኮነን)

   ኣብቲ “Swisha” ዝብል ጽቐጥ። እዚ እቲ ገንዘብ ይስደድ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ቀጻሊ ህሞት እቲ ተቐባሊ ልክዕ እንተ ኾይኑ ክትቆጻጸር ትኽእል ኢኻ።



# C. እቲ ክፍሊት ንኽኽፈል ኣፍቅድ

1. ኩሉ እቲ ሓበሬታ ልክዕ እንተ ኣሎ ኸይኑ ርኣዮ። በቲ ናይ ድሕነት ኮድ (säkerhetskod) ጌርካ ክታምካ ኣንብር።





2. እቲ ናይ ጭሕጋር ምልክትን ዝወድቁ ከዋኽብትን እቲ ክፍሊት ከም ዝተፈጸመ የርእይ።




# D. ብስዊሽ ክፈል - ተወሳኺ ብልሓት

1. ኣብቲ “Skicka med ett kort” ዝብል ጽቐጥ።




2. ነቲ ኣተሓሒዝካ ክትሰዶ ዝደለኻ ዓይነት ካርድ ምረጽ።



3. ኣብቲ ምስሊ ጸቕጥ። ዳሕረዋይ
   ገጽ ናይቲ ካርድ ክርአ እዩ።


   ንምሕራይ ኣብቲ “Välj kort”
   ዝብል ጸቕጥ።



# E. ዊሽ - ታሪኽ (Historik)





1. ነቲ ብስዊሽ ዝሰደካዮን ዝተቐበልካዮን ንምርኣይ ኣብቲ “Historik” ዝብል ጽቐጥ።





2. ኣብቲ ትሕቲ እቲ “Alla” ዝብል ኩሉ ብመገዲ ስዊሽ ዝኣተወን ዝወጸን ትርኢ። ኣብቲ “Mottagna” ማለት ዝተቐበለ ወይ “Skickade” ማለት ዝተሰደደ እውን ክትጸቅጥ ትኽእል ኢኻ።

# F. ክወና (Inställningar) - ፍቱዋት፡ እቶም ብስዊሽ ምኽፋል ተዘውትረሎም


1. ኣብቲ ናይ ክወና (inställningar) ምልክት ጸቕጥ።





2. ኣብቲ "Favoriter" ዝብል ጸቕጥ።




3. ኣብቲ “Ny favorit” ዝብል ጽቐጥ።





4. ስምን ቍጽሪ ተሌፎንን ምላእ
ወይ ነቲ ናይ ርክብ ዝርዝር
(kontaktlista) ንኽድሚት
ኣውጺእካ ካብኡ ንምሕራይ ኣብቲ
ናይ ምድማር ምልክት ጽቐጥ።



5. ንምእታዉ ኣብቲ “Enter-pilen” ጽቕጥ።




6. እቶም ናትካ ፍቱዋት ወይ ምስዳድ ተዘውትረሎም ኣብቲ ናይ መርኣዩ ክፍሊ ታት፡ ብቕጥታ ኣብ ትሕቲ “Mottagare” ዝብል ጽሑፍትረኽቦም።



# 4. ናይ ድሕነት ሓበሬታ ካብ ፖሊስ

## ከተስተውዕለሉ ኣገዳሲ፤

- ዝኾነ ሰብ ምሳኻ ርክብ ጌይሩ ነቲ ናትካ ባንክ ሳጺን (bankdosa) ወይ ባንክኢደ ንኽትጥቀመሉ እንተ ሓቲቱካ፡ ጨሪሽካ ከይትጥቀመሉ።
- ዝኾነ ዕቱብ ኣካል ኣብ ዝኾነ ግዜ ብተሌፎን ብዛዕባ ባንክኢደ ኣይሓተካን እዩ፣ ባንክ ይኹን፡ ፖሊስ ይኹን፡ ብዓል መዚ ጶስጣ።
- ዝኾነ ዕቱብ ኣካል ኣብ ዝኾነ ግዜ ብኢ-መይል ብዛዕባ ቃል-ምስጢር (lösenord) ኣይሓተካን እዩ። ባንክ ይኹን፡ ፖሊስ ይኹን፡ ብዓል መዚ ጶስጣ ይኹን፡ ማይክሮስፍት ይኹን ጉግል።
- ተሌፎን እንዳ ደወልካ ዝግበር ምጥፍፋእ ኣዚዩ እንዳ በዝሐ ከይዱ ኣሎ።
- ብዙሓት ሰባት ተታሊሎም ናይ ካርዶም ሓበሬታን ኮዳትን ብምሃብ ወይ ናብ ባንኮም ብምእታው ገንዘቦም ኣጥፊኦም ኣለዉ።
- ብሓደ ግዜ ብዙሕ ናይ ምእታው ፈተነ እንተ ተገይሩ፡ ኣብቲ ናይ ተጠቃማይ ኣፕ ብዛዕባ ዝተጠርጠረ ምጥፍፋእ ናይ ሓበሬታ መልእኽቲ ይመጽእ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት ሽዑ ንሽዑ ምስ ባንክኻ ርክብ ግበር።




# ምስ ሽማግለ ዞባዊ ምምሕዳራዊ ርክብ ንምግባር፤

ቫለንቲና ሶደርበርይ፡ ተሌፎን 010-225 03 89
valentina.soderberg@lansstyrelsen.se

ቪልሀልም  ኪርክ፡ ተሌፎን 010-225 05 27
wilhelm.kyrk@lansstyrelsen.se

**ብዝያዳ ኣብ ናትና መርበብ ሓበሬታ ኣንብብ፤**
www.lansstyrelsen.se/dalarna/natur-och-landsbygd/stod-for-landsbygdsutveckling/grundlaggande-betaltjanster.html

ምስ ሽማግለታት ዞባዊ ምምሕዳራት ብምትሕብባር ዝተዳለወ።
ስእሊ፤ ዝበዝሑ ስእሊታት

Länsstyrelserna